# COVID-19

ካብ መተንፈሲ ሻንብቆታትካ ዝተወስደ መርኣያ በቲ ሓድሽ COVID-19 ኮረናቫይረስ ተለኺፍካ ምህላውካ የርኢ።

## ምልክታት ናይ COVID-19

ልሙዳት ምልክታት ረስኒ፡ ቃንዛ ጎረሮ፡ ሕማም ርእሲ፡ ቃንዛ ጩዋዳታት፡ ሰዓልን ጸገም ምስትንፋስን የጠቓልሉ።

---

## ፍወሳ

### እንተድኣ ፎኪስ ምልክታት ናይ COVID-19 ኣለካ ኾይኑ

ኲነታትካ ከቢድ እንተዘይኮይኑን ኣብ ሆስፒታል ምጽናሕ ዘየድልየካ እንተኾይኑን፡ ናብ ገዛ ክትሰደድ ኢኻ። ነቶም ኣብ ትሕቲ “ናብ ገዛ ኣብ ትምለሰሉ እዋን’ ዘለዉ መምርሒታት ስዓቦም።

### ኣብ ሆስፒታል ኣብ ዘለኻሉ እዋን፡ ተወሳኺ መርመራ ዘድሊ እንተኾይኑ ክንግምግም ኢና

### ኣብ ሆስፒታል ኣብ ዘለኻሉ እዋን፡ ሓጋዚ ፍወሳ ከም ኦክስጅንን ጸረ-ነፍሳትን ክንህብ ንኽእል

### ኣብ ሳሕቲ ኣጋጣሚታት፡ ብመስተንፈሲት ዝግበር ፍወሳ ከድሊ ይኽእል

### ኣብ ሆስፒታል ኣብ ዘለኻሉ እዋን ተገሊልካ ክትጸንሕ ኢኻ

### ልሙድ መድሃኒትካ

ከም ሕጊ፡ ንልሙድ መድሃኒትካ ካብቶም ስታፍ/ሰራሕተኛታት ክትቅበል ኢኻ።

እንተድኣ ፍሉይ መድሃኒት ትወስድ ኮይንካ ነቶም ስታፍ/ሰራሕተኛታት ተዛረቦም።

---

## ናብ ገዛ ኣብ ትምለሰሉ እዋን

### ክሳብ ን48 ሰዓታት ምልክት ሕማም ዘይብልካ ኮይንካ ትቕጽል ካብ ገዛካ ኣይትውጻእ

### ነቶም ኣብ ጥቓካ ዘለዉ ሰባት ምልካፍ ኣወግድ

ኣብ ጥቓካ ንዘለዉ ሰባት ምልካፍ ንምውጋድ፡ እዚ ዝስዕብ ግበር፥

- ክሳብምልክታትካ ካብ ዘቋርጹ 48 ሰዓታት ዝገብሩ ኣብ ገዛካ ምስ ዘለዉ ሰባት ጥቡቕ ርክብ ኣወግድ
- ጥዑይ ናይ ኢድ ጽሬት ሓሉ – ኣእዳውካ ብተደጋጋሚ ተሓጸብ
- ገዛኻ ጽሬቱ ተሓልዩ ምህላዉ ኣረጋግጽ

### ከመይ ገይርካ ገዛኻ ከምተጽሪ

ነቲ ሽቓቕ/ክፍሊ መሕጸቢ ሰብነት፡ ክሽነ ከምኡ ድማ ነቶም መዓልታዊ ዘለኻዮም ክፍልታት ንቡር ናይ ጽሬት ባእታታት ገይርካ ኣጽሪ።

እንተድኣ ኣብቲ ገዛ ናይ ሓባር ሽቓቕን ክፍሊ መሕጸቢ ሰብነትን ኣሎ ኾይኑ፡ ድሕሪ ምጥቃምካ ኣጽርዮ።

ሽጎማኖታት፡ ናይ ዓራት ምንጻፋት ኣንሶላታት ወዘተ ከምኡ ድማ ክዳን ውሽጢ እንተውሓደ ብ80°ሴ ሙቐት ሕጸቦም። ካልእ ክዳውንቲ እንተውሓደ ብ60°ሴ ሙቐት ሕጸቦም፡ ክሳብ ዝተኻእለ መጠን።

## ነቶም ዝቐረቡ ትረኽቦም ሰባት ሓብሮም

ረኺብካዮም ንዝነበርካ ሰባት ሓብር

ናይ ቀረባ ትረኽቦም ሰባት ብመሰረት ኣብ www.sst.dk.

ዘለዉ መምርሒ ዝተገልጹ ክምርመሩ ኣለዎም።

---

## ኣብቶም ዝመጹ መዓልታት

### ኲነታትካ እንተብኢሱ ንዶክተርካ ወይ ነቲ ኣገልግሎት ህጹጽ ዶክተር ርኸቦ

ንኣብነት፡ እንተድኣ ናይ ኣፍልቢ ቃንዛ፡ ሓድሽ ረስኒ ወይ እናለዓለ ዝኸይድ ሕጽረት ምስትንፋስ ሃልዩካ።

---

## ዝያዳ ሓበሬታ

### ዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ COVID-19

እቲ ደንማርካዊ በዓል መዚ ጥዕና ንመርበብ-ሓበሬትኡ ብሱዕ የሐድሶ (www.sst.dk)።

ናብቲ ናይ ሓድሽ ኮረናቫይረስ ህጹጽ መስመር ተሌፎን’ውን ክትድውል ትኽእል 7020 0233።

ሓበሬታ ብዛዕባ COVID-19 ብብዙሕ ቋንቋታት ኣብ www.sst.dk.

ይርከብ